ሰብ ሕድሪ ሲቪል
ማሕበረ-ሰብ ትግራይ
ትግራይ ፣ መቐለ

Seb-Hidri Civil
Society of Tigrai
Tigrai , Mekelle

# ፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ብዘይወዓል ሕደር ፍትሓዊ መልሲ ይርከብ!

## እዋናዊ መግለፂ ሰብ ሕድሪ

ብኹሉ ኣንፈት ከተማ መቐለ ዝርከባ ጣብያታት ወረዳ እንደርታ ምስ ምስፍሕፋሕ ከተማ መቐለ ተተሓሒዙ ዝለዓሉ ዘለዉ ሕቶታት ፤ ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረ-ሰብ ትግራይ ጥብቂ ክትትል እናካየደሉ ዝርከብ ውራይ እዩ። ከምኡ'ውን ብክፍሊ ሕጊ ሰብ ሕድሪ ዝምራሕ መርማሪ ኮሚቴ ተጣይሹ፤ ብቐጥታ ናብተን ሕቶ ዘልዕላ ዘለዋ ከባብታት ተዋፊሩ የማን ፀጋም እናፅንዐ ይርከብ። መፅናዕቲ ዘድለየ ምእንተ ሚዛናውን እዋናውን ሓበሬታ ክርከብ እምበር እቲ ጉዳይ ሓዱሽን ዘይፍለጥን ስለዝኾነ'ውን ኣይኮነን።

ልምዓት ክሳለጥ ምሉእ ድጋፍ ንህቦ ኮይኑ፤ ክሳብ ሕዚ ካብ ዘካየድናዮ ኣንፈታዊ መፅናዕቲ ዘለና ሓበሬታ ከም ዝሕብሮ፤ ኣብ ክሊ ፓሊሲ መሸጣ ሊዝ ፣ ካሕሳ ሓረስታይን ዝውውርን ለውጣን፣ ናይ መጠሻ ሕቶታት፣ ምፅፋፍ ነባር ትሕዝቶ፤ ሕጊ ዘይተኸተለ ናብ ከተማ ናይ ምእታው ከይድታትን ፍትሓዊ ዘይኮኑ ኣሰራርሓታት ከምዘለው ፈሊጥና ኣለና። ልምዓት ዘሳልጥ መንግስቲ ኣብ ልምዓት ከተማ ዘጋጥሙ ብዝተፈላለዩ ክፍላተ ሕ/ሰብ ዝልዓሉ ናይ ረብሓ ጎንፅታት ፍትሓውን ርትዓውን ኣተኣላልያ ክውሰድ እናተግብአ፤ እንተስ ብፍላጥን እንተስ ሰኣን ዘመናዊ ምሕደራ፤ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ፀገማት ይፍጠሩ ፀኒሖም እዮም። ልምዓት ክሳለጥ ኣድላይን ናብ ሕቶ ዘይቐርብን ጉዳይ ኮይኑ፤ ብድለላን ብልሽውናን ዝተመራስሐ ኣሰራርሓታት ብምህላው፤ ንሓደ ውሑዳት እናጠቐምካ ነቲ ንኣብዛሓ ደም ዘንብዕ ኣካይዳ ነባሪ ሰላምን ልምዓትን ከውሕስ ኣይኽእልን። ናይ ግድን'ውን ክእረም ዘለዎ እዩ።

ብስሩ'ውን ፍትሓዊ ክፍፍል ሃፍትን ረብሓን ዘየረጋግፅ ፖሊስን ምሕደራን ምስዝህሉ፤ መንግስቲ ዝመርሕ ገዛኢ ውድብ ፖሊሲኡ ይእርምን የተዓራርን እምበር፤ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቀኛ ሕቶ ህዝቢ ከምዘየለ ክሸፋፈን ምድላይ ንማንም ኣይጠቅምን። ስለዚ'ውን እዩ ፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ብዘይ ወዓል ሕደር ፍትሓዊ ፍታሕ ይርከብ ንብል ዘለና።

እዚ ከምዚ እናሃለወ፤ ካብ ቀረባ እዋናት ጀሚሩ ንዕዘቦ ከምዘለና፤ ፍትሓዊ ሕቶ መሬት ህዝቢ ዙሪያ መለስ ከተማ መቐለ ዝርከባ ጣብያታት ወረዳ እንደርታ ሕቶ ኩሉ ትግራዋይን ውራይ ትግራይን ክኸውን እናተገብኦ፤ ማእከል ውጥጥ ዘይተደለየ ፖለቲካ እናኾነ ይመፅእ ኣሎ። ብፍላይ ገዛኢ ውድብን ሕቶ ህዝቢ እዋናውን ኣዕጋብን መልሲ ኣብ ክንዲ ምሃብ፤ ምስ ውልቀ ሰባትን ገለ ፖለቲካዊ ጉጅለታት ናብ ምትፍናን ኣትዩ፤ ህልው መድረኽ  ዘይጠልቦ ዝበለየ ፕሮፓጋንዳ ክነዝሕ ንርኢ ኣለና።

ገዛኢ ውድብ ምስቶም ብፖለቲካ ዝኸሰም ዘሎ ውልቀ ሰባትን ተናሓናሕቱን ፖለቲካ ቃልሲ ክካይድ ንቡር ኮይኑ ፤ ሎሚ'ውን ከምቲ ልሙድ፤  ሕቶ ህዝቢ ንምምላስ እኹል ድልውነት ከይፈጠርካ፤ ህዝቢ ሕቶ ብዘልዓለ ቁፅሪ "በዓል እገለ ንምንታይ ብዛዕብኡ ተዛረቡ" ዝዓይነቱ

ስ.ቁፅሪ - 03- 42 41 89 99
- 09- 10070174
- 09- 147200 28/29

Tel : - 03-42 41 89 99
- 09- 10 07 01 74
- 09- 14 72 00 29/28

ሰብ ሕድሪ ሲቪል
ማሕበረ-ሰብ ትግራይ
ትግራይ ፣ መቐለ

Seb-Hidri Civil
Society of Tigrai
Tigrai , Mekelle

ዘይኣድላይ ፓለቲካዊ ምትእስሳር እናፈጠርካ፣ ሓዋዊስካ ምውቃጥ ዘሰክፍ ተግባር እዩ። ግዘ ዘይጠልቦን ሓደገኛን ኣካይዳ'ውን እዩ።

ክምቲ ገዛኢ ውድብ ዝብሎ ዘሎ "ነዚ ጉዳይ ናይ ባዕሎም ፓለቲካዊ ቅኒት ኣትሒዞም" ኣብ ልዕሊኡ ነጥቢ ንምቑፃር ዝቀሳቐሱ ኣካላት ምስዝህልው፣ ምስኣቶም ዴሞክራስያዊ ፓለቲካ ቃልሲ ደኣ እዩ ክካይድ ዘለዎ እምበር፣ ጅምላ ፍረጃታትን ፀርፍታትን ምክያድ ፀረ ዴሞክራስያውነት ምኻኑ ክሰሓት የብሉን። ሕቶ ህዝቢ ምስተፈትሐ፣ ድሕሪኡ ካልእ ዕላማ ዘለዎም ሰባት/ውድባት እንተሃልዮም፣ ምስኣቶም ዴሞክራስያዊ ናይ ዕላማ ቃልሲ ምክያድ ጥራሕ እዩ ቁኑዕ መንገዲ ክኸውን ዝኽእል።

ኣንፃር ብሄራዊ ሓድነትን ድሕነትን ተጋሩ ቀኒዮም፣ ፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ንውልቃውን ጉጅለኣውን ፓለቲካዊ መኽሰብ ክውዕሉ ብተግባር ዝንቀሳቐሱ ሓይልታት እንተሃልዮም'ውን፣ እዚ ስግኣት ውራይ ህዝቢ ትግራይ ስለዝኾነ ብግልፂ ብመርትዖ ተደጊፉ ናብ ህዝቢ ክቃላዕ ይግባእ። እምበር ገዛኢ ውድብ ኣብ ልዕሊ ተፃባእቱ ፓለቲካዊ ነጥቢ ንምዕታር ከም ቃሕ ዝበሎ ጅምላዊ ሽማሽም እናሃበ ዝሰርሖ ፕሮፓጋንዳ፣ ዘይዴሞክራስያዊ ጥዕና ዝጎደሎን ኣካይዳ እዩ ዝኸውን፡ ከምዚ ዝበለ ድሑርን ፀረ-ዴሞክራስን ዝኾነ ኣካይዳ ኣብ ሓድነት፣ ሰላምን ህድኣትን ህዝብና ዘየድሊ ምጥርጣራት ስለዝፈጥር ተቐባልነት የብሉን።

ስለዚ ሰብ ሕድሪ ሕቶ መሬት ህዝቢ ኣብ ዙሪያ መለስ ከተማ መቐለ ዝርከባ ጣብያታት ወረዳ እንደርታ ኮነ ካልእ ከባቢታት ትግራይ፣ ፍታሕ ክረክብ ክምዘለዎን ውራይ ኩሉ ትግራዋይ ክምዝኾነን ብምእማን፣ ኣብዚ ጉዳይ ዘለዎ መርገፂ ከም ዝስዕብ የቐምጥ፦

1. ዝኾነ ፓለቲካዊ ሓይሊ፣ ገዛኢ ውድብ ኮነ ተነሓናሕቲ ውልቀ ሰባትን ውድባትን፣ ሕቶ መሬት ህዝቢ እዘን ጣብያታት ፍትሓዊ መልሲ ዝግብእ ሕቶ ኩሉ ትግራዋይ ምኻኑ ኣሚኖም፣ ንዘይተደለየ ፓለቲካዊ ትርጉምን መኽሰብን ካብ ምውዓል ክቑጠቡ ነተሓሳስብ!
2. ነባሪ ህዝቢ እዘን ዙሪያ መለስ ጣብያታት ወረዳ እንደርታ ኣብ ጉዳይ መሬት ዘልዕሎ ናይ ፍትሒ ሕቶ፣ ገዛኢ ውድብ ህወሓት ባዕሉ ንዝሓለፉ ዓመታት ዝፈጠሮ ፀገም ዝወለዶ ምኻኑ ኣሚኑ፣ ብዘይ ወዓል ሕደር ምስ ህዝቢ ወረዳ እንደርታ ተላዚቡ ንህዝብና ፍታሓውን ርትዓውን መልሲ ክህብ ንፅውዕ!
3. ገለ ውልቀ ሰባትን ተናሓናሕቲ ውድባትን ከም ማንም ትግራዋይ ሕቶ መሬት ህዝቢ ወረዳ እንደርታ ኪጋውሑ መሰል ክምዘለዎም ተኣሚኑሉ፣ እዞም ኣካላት ካብ ሕጋውን ሰላማውን መስርሕ ቃልሲ ክሳብ ዘይወፁ፣ ቃላዊ ምፍርራሕን ኣካላውን ጥቕዓትን ክበፅሖም ፀረ-ዴሞክራስን ጥሕሰት ሕገ-መንግስትን ስለዝኾነ፣ ኣብ ልዕሊ ዝተፈለየ ሓሳብ ዘለዎም ኣካላት ዝካየድ ጥቕዓት ደው ክብል ንፅውዕ!
4. ገዛኢ ውድብ ህወሓት፣ ነቶም ፍትሓውን ሓቀኛ ሕቶ ዘለዎምን ነበርቲ ጣብያታት እንደርታ ዘይኮነስ፣ ገለ "ነበርቲ ከተማ መቐለ ሪኢቶ ሂቦም ኣብ ሰሚናር ተዛሪቦም"

ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረ-ሰብ ትግራይ
ትግራይ ፣ መቐለ

Seb-Hidri Civil Society of Tigrai
Tigrai , Mekelle

ብቅብብል፣ ኣብ ሚድያታቱ ዘካይዶ ግዘ ዘይጠልቦ ህዝብና ናብ ጎድናዊ/Horizontal/ ጎንፂ ዝወስድን ሓድነት ትግራይ ዝሸራርፍን ፈላላዪ ፕሮፓጋንዳ ጠጠው ክብል ንተሓሳሰብ!

5. ሕቶ መሬት ህዝቢ እዘን ጣብያታት ሕቶ ኩሉ ትግራዋይ ምኻኑ ኣትሪርና ንኣምነሉ ፍትሓዊ ሕቶ ኮይኑ፤ ሕቶ ህዝብና ንዕላማታት ትሕት-ትግራዋይነትን ልዕለ-ትግራዋይነት ንምውዓል ብዝኾነ ኣካል ዝካየድ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ በትሪ ንኹንን!
6. ህዝቢ እዘን ጣብያታት ኮነ ካልኦት ከባብታት ትግራይ ዘልዕልዎ ናይ ፍትሒ፣ ልዕልና ሕጊ፣ ሰናይ ምሕደራን ዴሞክራስን ሕቶ፤ ገዛኢ ውድብ ህወሓት "ናይ ፀላእቲ" ዝብል ሽማግለ ካብ ምሃብ ክቑጠብ ንተሓሳሰብ!
7. ኣብዚ ሕዚ እዋን፤ ህዝብና ሓድነቱ ልዕሊ ዝኾነ ግዘ ኣስጢሙ ተፃባእቲ ይምክተሉ ኣብ ዘለሉ እዋን፤ ህዝቢ ፍትሓዊ ሕቶ ክልዕል ቁሩል ኮይኑ፤ ገዛኢ ውድብ ህወሓት ብፍላይ ድማ ታሕተዎት ኣካላት ምምሕዳር ሓድነት ህዝብና ጉልባብ ገይሮም፤ ንፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ምስ ግዳማዊ ተፃብእ እንዳዛመዱ ዘካይድዎ ፀለመ፤ በለፀኛ፣ ፀረ-ፍትሓውን ሓቀኛን ትግራዋይ ሓድነት ዝቐንዐ ኣካይዳ ስለዝኾነ ደብ ክብል ንፅውዕ!
8. ምስ ናይ ደገን ውሽጥን ተፃባእቲ ሓይልታት ተመሓዝዮም ዘይሕጋውን ዘይሰላማውን ቃልሲ ብምክያድ ሰላምን ድሕነትን ትግራይ ንምዝራግ ዝንቀሳቐሱ ኣካላት ምስዝህልው፤ ገዛኢ ውድብ ህወሓት ካብ ሓላፍነት ዝኸደሎ ኢለን በላን ናይ ፀለመ ፖለቲካ ወፅዩ፤ ከም መጠን መንግስቲ ትግራይ ዝመርሕ ኣካል፤ እዞም ሓይልታት ዘካይድዎ ዘይሕጋውን ፀረ-ሰላምን ንጥፈትታት ብጭብጥን መርትዖን ኣሳንዩ ንህዝብና ክፍልጥ ንፅውዕ!

ኣብ መወዳእታ፤ ሰብ ሕድሪ ምውሓስ ድሕነትን ሓድነትን ትግራይ ናይ ነብሲ ወከፍ ትግራይ ሓላፍነት እዩ ኢሉ ይኣምን። ድሕነትን ሓድነትን ተጋሩ ኣብ ትግባር ፍትሒ፣ ባዕላዊ ማዕርነት፣ ዴሞክራስን ልዕልና ሕግን ከምዝረጋገፅ ከኣ ነቓዒ ዘይብል ናይ ወትሩ እምነት ሰብ ሕድሪ እዩ።

በዚ ኣጋጣሚ እዚ፤ ኣብ ትግራይን ኣብ መላእ ዓለምን ዘሎ ትግራዋይ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ብሄራዊ ሓድነቱ ኣስጢሙ ሓርነትን ድሕነትን ትግራይ ክረጋገፅ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ኣሐይሉ ክቕፅል እናፀዋዕና፤ ፍትሓውን ሕቶ መሬት ህዝቢ ወረዳ እንደርታ ኮነ ካልኦት ከባብታት ትግራይ፤ ብዘይ ወዓል ሕደር ፍትሓውን ርትዓውን መልሲ ክረኽቡ ክምዝግብኦም ንኣምን። መንግስቲ ትግራይ ንሕቶ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ቀሪቡ ፍትሓውን ርትዓውን ምላሽ ክረኽቡ ከዓ ኣብ ጎኒ ህዝብና ደው ኢልና ክምንድግፍ ነፍልጥ። ገዛኢ ውድብ ኮነ ካልኦት ተቓወምቲ ውልቀ ሰባትን ውድባትን ኣብ ፍትሓዊ ሕቶታት ህዝብና ዘይህዝባዊ ፖለቲካዊ ሽቐጥ ከካይዱ ከምዘይንፈቅድ'ውን ነፍልጥ።

" ፍትሕን ርትዕን ዝሰፈና ሓድነታ ዝሓለወት ዴሞክራስያዊት ትግራይ ንምህናፅ ንትግህ!"

ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረ-ሰብ ትግራይ

<u>መቐለ</u>

ስ.ቁፅሪ - 03- 42 41 89 99
- 09- 10070174
- 09- 147200 28/29

Tel : - 03-42 41 89 99
- 09- 10 07 01 74
- 09- 14 72 00 29/28